# መስከረም ሓደ 1961 ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ

ሓደ ተደምሮ ሓደ ይኸውን ክልተ
እዚ ዝፈለጠ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ
ገድሊ ንምጅማር ንበረኻ ዝተኖቐተ
ንጣር ቁልዒ ሓዊ ባርዕ ከምዝጅምር
ገድሊ ናይ ኤርትራ ብሓደ መስከረም 1961 ኸንድር
ናጽነት ከምትመጽእስ ኣይነበረን ጥርጥር
ተነብዮም ኔሮም እዮም ቀዳሞት ተጋደልቲ
ጉዕዞ ከምዝመርር ክሳብ ነጻነት መዓልቲ
ኮነ ከኣ ንሓፍሽ ሕዝብና ስደት ምስ መቕዘፍቲ
ሰላማዊ ምጉት ድልየት ሕዝቢ ኤርትራ
ነጻነት ክዕንቀፍ ብናይ ሓያላን ሽጣራ
ዝተረፈት ምርጫ ምግዳል ጥራሕ'ያ ኔራ
ዓወት ንሓፋሽ እንዳበልካ ገድሊ
ዝሓለፈ መስገደል እቲ ናይ ትማሊ
እስከ ንዘክሮ ከይሃስስ እቲ ስእሊ
ዓቐበት ቁልቁለት እቲ ኹሉ ሽገርገር
መን ምኸኣሎ ሕዝቢ ኤርትራ ኮይኑ እምበር
ክኾርዕ ክሕበን ኤርትራዊ ምኻነይ
ከፍለሉ እንድየ ደም ናይ ኣሕዋተይ ኣሓተይ
መንዶ ኣላ'ያ ኤርትራዊት ዘየሕለፈት ጸበባ
ነጻነት ንምምጻእ ዘይወፈየት ሰባ
ኩላ እንድያ ተተንክፋ ሃገራ ምስ ሕዝባ
ሕጂ ምስ ሓለፈ ኸትጸውየሉ ጥዑም
ኣንካ ሓለፈ እቲ ግዜ ሕሱም
ህይወትና ነበረ ስእናሉ ትርጉም
እኖና ንነብር እንዳበልና ኣሎና
ጀጋኑ ኣሕዋትና ኣሓትና ሳላ ዝኸፈልና
ትርጉም ረኺብናሉ ምንባር ከምዓለምና

ንሓስብ ንምነ ኸንምልእ ዝተረፈና
ምስጋና ይብጽሓዮም ይዋኦም ስዉኣትና
ሕንቃቐ እንተዘይኮይኑ እንታይከ ስእና

እንኳዕ ተጀመረት እታ ፈለሚት ጥይት
መስከረም ሓደ 1961 ዓመተ ምሕረት
ን24 ግንቦት 1991 ነጻነት ዘምጽኤት

ቅሰኑ ስውኣትና ነጻ ኢ.ያ ሃገርና
ባንዲሬኣ የንበልብል ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለምና
ሕጂ ብኤርትራዊነት ብማዕርነት ተሰርዕና

ተገጥመ
ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ
ኦስሎ ኖርወይ